# ኣዚ ቃልስ ኣዚ፣ ንዓወት ከማን ከርክበሉ ኢዩ

ብዓወት ፍስሃየ

ኣስመራ ብተጋደልቲ ሕዝባዊ ሓይልታት! ተጋድሎ ሓርነትን ተከብባ ኣብ ዝነበረትሉ ኣዋን ብምውላደይ! ከም ዕድለናን ርሑስን ተቆጽረ ካብቲ ዝግባኣኒ ብህላዊ ልምድታት! ሕልፊ ኢየ ዕልልታ ተዓልሉለይ። ብዚ ምኽንያት ካኣ ኢዮም ወለደይ ዓወት ዝብል ስም ዘውጸለይ! ካብ ጎረባብተና ይኩን ቀረባ ኣዝማደይ ንስመይ ብሓደ ድምጺ ኢዮም ተቀብሎማ! ነጻነት ናይ ኤርትራ ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ ትኩሕኩሕ ስለ ዝነበረት፡ ነቲ ዘይተርፍ ዝመስል ዝነበረ ዓወት ቃልሲ ህዝብ ኤርትራ፡ ንምግላጽ'ዩ ዓወት ዝብል ስም ካብ ወለደይ ዝተዋሃበኒ።

ሓቂ ይሓይሽ ቆልዓ ከለኩ ኣኻ ብዙሕ ቃሓ ኣይትብለኒን ኢያ ኔራ ስመይ። ኣቲ ርዝነት ናይ ትርጉም ካብ ዘይ ምፍላጥ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ገዛውትና ሓንቲ ዓወት ትባሃል ከልብ ስለ ዝነበረት፡ ስመይ ስም ከልብ ዳኣንበር ውጽኢት ናይ ሓደ ቃልሲ ከም ዝኮነ ዕድመይ ኣንዳበርከተ ምስ ከደ ኢየ ክስወጠኒ ጀምሩ። ደቂ ገዛውትና ዓወት ኣሎም ጽዊያምኒ ከብዑ፡ ተመልሶም ናዓካ ኣይኮናን ንዓወት ከልብና ኢና ክብሉኒ ከለዉ ኣዝየ ይቁጣዕ፡ ምስ ኣደይ ካኣ በዚ ጉዳይ ዝተላዕለ ብዝሑ ግዜ ስመይ ክትቅይረለይ ረብሽያ ኣየ። ኣደይ ናይ ቆልዓ ነገር ብምባል፡ በዛ ናተይ ስም ዝተላዕለት ሓንቲ ካብ ኣኣምሮኣ ዘይትሃሲስ ዝክሪ ኣዘንተወትለይ።

ኣነ ገና ናይ ኣዋርሕ ዕድመ ከለኺ፡ ኣደይ ሓውኪ ኣብ ዓዲ ያቆብ ተራኡ ምስ በልዋ ናዓይ ሓዝላ ዳሃይ ሓዋ ንምፍላጥ ንዓዲ ያዕቆብ ተመርቀፈት። ኣኮይ ኣዝዩ ተጻዋታይ ጸልም ጉልቡት ኣዩ ኔሩ፡ ካብቲ ዘገርም ክልተ ተጻረርቲ ባህሪ ኔርዎ፡ ኣብ ብዙሕ ስብ ዳርጋ ዘይረኣ ዕዋላን፡ ንፍዕን። ኣብ ምህሮ ዓለም መን ከርክቦ፡ ኣዝዩ ሓያል ተማሃራይ ኢዩ ኔሩ፡ ንእስነት ይርክበሉ ትምህርቲ ይርክበሉ፡ ሕውስ፡ መስሓቅ፡ ኣስማሪኖ፡ ዕዋላ፡ ደፋር፡ ኣዩ ኔሩ።

ሓንቲ ሰብይቲ ኢየን ንኣደይ ነግረናኣ፡ ንኣኮይ ጽብቅ ገረን ኢየን ዝፈልጠኦ፡ ኣደይውን ኣይ ሓመቀትን በታ ኣተን ሰበይቲ ዝሃባኣ ሓበሬታ፡ ብዙሕ ከይደንጎየት ኢ.ያ ረክባቶ፡ መቸም ኣብ ናይ ውትድርና ህይወት ንዝደለካዮ ሰብ ኣብታ ዝተባህለትካ ክትረክቦ ሳሕቲ ኣዩ ዘጋጥም፡ ንኣደይ ካኣ ኣታ ሳሕቲ ገጢማታ፡ ዕድል ክባሃል'ዩ ዝካኣል ተበገሱ ተባህሎም፡ ኣንዳጠርነፉ ኣና ኣርክብናዮም። ኣቲ ምርካብ ድሕሪ ክንደይ ዓመትት ብምንባሩ፡ ኣደይ ብምሕታት ልቡ ኣዝራቱሉ፡ ንሱ ግን ኣይከምኣን ብዝያዳ ኣብ ምስማዕ ተሓጽሩ፡ ናይቲ ዘበን ተጋደልቲ ኩሉ ምስጥር ኣብ ከብዶም ኔሮም፡ ሕጉሳት ንምምሳል ንፉዓት ተዋሳኣቲ ኢዮም። ኣኮይ ግን ምውሳእ ኣቅብጸቶ። ኣታ ገጹ ከምታ ኣብ ልቡ ዘላ ስምዕት፡ ተስፋ ዝቆረጸ ይመስል። ኣደይ በጀኩኡ ክልተ ይሕዋታ ኣብ ጅብሃ ስለ ዘለውዋ፡ ኣብ ሓደ ውድብ ብምካኖም ናቶም ዳሃይውን ካብ ሓዋ ክትረክብ ምሉእ ኣምነት ኒርዋ ኮይኑ ግን፡ ወላሓንቲ ከም ዘይፈልጥ ስለ ዝሓበራ፡ ኣደይውን ብግድኣ ኣብ ገጻ ናይ ሓዘን ምልክት ክንበብ ጀመረ። ገባር ጠንባር ክባሃል ሓቂ ኣዩ፡ ኣዚ ኩሉ ዓመታት ኣብ ስንጭሮን ኩርባን ምስ ጸላኣን፡ ፈታውን ተውግኣምስ፡ ንኩሎም ብህይወት ክትረክቦም ምሕሳባ፡ ኣብ ሓንጎላ ተጋዳላይ ማለት፡ ዘይመውት ኣካል ዘለዎ ፍጥረት ገራ ምሕሳባ፡ ነቲ ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ፕሮፕጋንዳ ናይ ሰውራ፡ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ መትንታት ናይ ደሙ፡ ናይ ቃልሲ መንፈስ ይኣቱ ምንባሩ ይበርሓልካ። ንቶም ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ካድረታት ካኣ ተድንቆም፡ ምስ ናይዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ካድረታት ኣንጻጽርካ።

መቸም በቲ እሉ በቲ፡ ነቲ ካብ ኣደይ ዝቀርበሉ ዝነበረ ሕቶታት፡ዕግሽግሽስ እሉ ካብቲ ሕቶታት ክምልጥ ይፍትን ምንባሩ ኣደይውን ከይተዓዘበቶ ኣይተረፈትን። ኣብ ሞንጎ'ዚ ነውሒ ዛዕባ፡ ነቲ ዝነበረ ሃዋሁ ዝቅይር መሪር ናይ ቆልዓ ብክያት ተሰምዔ። ኣቲ ዝበከየ ኣነ ምንባረይ ኢየ፡ ነቲ ዝነበረ ጥሜትን፡ ንወላድተይ ክሳብ ናዓይ ኣብ ዝባና ከምዝነበርኩ፡ ዘረስዕ ኩነታት ብምፍጣሩ፡ ወሰዱለይ ዝዓይነቱ ቅንኣን፡ ናፍቆትን ዝተሓወሶ፡ መሪር ብክያተይ ነቲ ብሕቶታተ ትውጥሩ ዝነበረ ኣኮይ ገላግለዮ።

ኣንቲ ለቱ ሓፍተይ፡ ገበታ ሕቶ ክትሓቲ ኣኮ ኣረስዕክና ነዚ ቆልዓ፡ ንመን ኢዩ ከ ዝመስል? ሕጅስባ ንኣኮታቱ ዝመስል ወልድኪ ትኮኒ'። ኣቶም ዓበይቲ ደቂኪኮ ቅምጥ ኣሎም ንኢያይ ዝመስሉ። ኣኮታተይ ማራ ኢዮም ንኣቦይ ዝፈትውዎ ኔሮም! ኣያይ ኣንተዘይ ኮይኑ ብሽሙ ጸውዖሞ ኢይፈልጡን ኢዮም። ኣቦይ ሓደ ማዓልቲ ሽጋራ ከትክክ ምስ ራኣዮ! ኣቲ ዕዋላ ሓውኪ ከ ኣዩ ዝብላ ንኣደይ። መቸም ኣብቲ ግዜ ኣቲ ኣብ ቅድሚ ባዓል ኣቦይ ሽጋራ ምትካክ ማለት! በዚ ናይ ሕጅ ክሽርፍ ከሎ! ከም ሓሽሽ ምስጣል ኢዩ ዝቁጸር።

ሎምስ ናዓካ ዝመስል ባርያ ወልደ! በለቶ ኣደይ ኣንቲ ኣነስ ገድሊ ኢዩ ኣንበር ኣጸሊሙኒ! በቲ ግዜይ ኣካ ጥልያን ዝመስል ኔሬ። በላ ኣኮይ ጀብሃ ዳኣ ዘይቲ ኣኩም ትልከዩ ዶ ኣይበልኩሙን! ኣንታይ ኣጸለመካ! ጸላኣና ይጸልም። በለቶ ኣንዳ ህዝባዊስ ዋላ ኣብቲ ኣስመራ ኣብ ፈቆዶ ገዛ ኣትያ። ካኣ በላ ብምግራም ዓይነት ኣዋይ ኣነ፡ ሕማቅ ድየ ተዛርበ፡ ኣነዳኣ ኣንታይ ይፈልጥ ሓፍትካ! ኣነ ዳኣ ከምኡ ምስ

ሰማዕኩ ጽብቅ ገበሩ ኣይ ካልእ ኣንድዩ ዝግብኦም ኣንደ ኣለ። በለቶ ዘጉሃየቶ ኮይኑ ተሰምዕዋ  ኣቲ ዘረባ ካበይ ተበግሱ ናብ ሓፍቱ ከም ዝበጽሕ ይፈልጥ ኢዩ፡ ምክንያቱ ኩሎም ሓወቦታተይ፡ ምስ ሕዝባዊ ኢዮም። ኣቦይውን ደጋፊ ናይ ህዝባዊ ምካኑ ይፈልጥ ኣዩ። ረስዕዮም ጥራሕ፡ መን ከ በልክዮ ነዚ ቆልዓ ስሙ? ከይተረደአ ኣብ ፖሎትካ ዕላል መእታዉ ኣይተበረሆን።

ዓወት ኣልናዮ! ዓወትና ስለ ዝተቃረበ። ኣብቲ ግዜ ኣቲ ሎሚ ዶ ዋላ ጽባሕ ትመጽእ ናጽነት ዝባሃለሉ ዝነበረ ኣዋን ብምንባሩ።

ዓወት…………ዓወት….ኣልክዮ! ብሓሳብ ካኣ ሃጽ ኣሉ ትዓዝረ። ስምዕኪ ለቱ ሓፍተይ ኣዚ ቃልሲ! ቀልጢፉ ዝውዳኣ መስሉኪ ኣሎ! ኣዚ ቃልሲ ኣዚ፡ ንዓወት ከማን ከርክበሉ ኣዩ። በላ ርግጸና ኮይኑ።

ኣደይ ናብ ሓዋ ክትከይድ ከላ፡ ዝነበራ ስምዕትን ክትምለስ ከላ ዝነበራ ስምዕትን፡ ዶባቶም ክሳብ ዝሃሱ ምርኣይ ሳኣነቶም። ንኣደይ፡ ኣድኣ (ዓባየይ) ማለትዩ !ብኣዋኑ ስለ ዝሞተት፡ ኣደይን ይሕዋታን ምስ ሰይቲ ኣብኦም፡ ኣዮም ዓብዮም። ኣብቲ ገዛ ሰላም ስለ ዝተሳኣነ፡ ከም ደቂ ዛግራ ፉሕ ፉሕ ኣሎም ኣዮም ዓብዮም። ናይ ኣደይ ሕልም ካኣ ናጽነት ምስ መጸት ንይሕዋታ፡ ኣመርዓ ከተምስሎም ሓሳባ ኔሩ፡ ኮይኑ ግን፡ ኣብ ሓንጎላ ሓስባቶን ዘክራቶን፡ ዘይትፈልጥ ፍርሒ ዓሰላ። ናጽነት ናይ ኣዋርሕ ጉዕዞ ዳኣንበር፡ ናይ ዓመታት ቃልሲ ኣይመሰላን።

ኣደይ ከምተን ኩለን ዝበዝሓ ኣርትራውያን ኣደታት፡ ፍቅሪ ሃገር ዳኣንበር ፍቅሪ ፖሎትካ ኣይነበራን። ኣቦይን ግን ናይ ጥልያን ሰለስተ ክፍሊ ስለዘለዎኦ፡ ማሃይምነት ናይ ፖሎትካ ኣጥፋኡ ክባሃል ይኣካል። ንኣቦይ ካኣ ኣቲ ሓዋ ዝበላ፡ ኩሉ ነገረቶ።

ኣቦይውን ኣዚ ቃልሲ፡ ነዚ ቆልዓ ኣንተርክብሉ ዳኣ፡ ናጽነት'ሲ ኣይነርክበላንና ማለት ኣኮ'ዩ። ኣዚ ሓውኪ ጥዕና ኣለዎ ዶ? ዋላ ኣቲ ገድሊ ኢይቀየሮን። ኣታ ሽጋራከ ገድፍዋ ዶ?

ኣንታይ ፈልጠሉ፡ ክሰቲ'ሲ ኢይራኣክዎን፡ በዚ ከንፈሩ ግን ገለ ይውትፍ ነበረ። በለቶ ኣደይ ኣቲ ዝምውጽ ተመንዎስ፡ ኣንባኣር ዝውተፍ ጀምሩ፡ ካኣ በለ ኣቦይ፡ ኣቲ ዝምወጽ ማለቱ፡ ሽጋራ ማለቱ ኢዩ። ዋላ በዛ ስማ ክጽዋዓ ኢዩ ዘይደሊ ንሽጋራ፡ ኣብኡ ዝቀተለትሉ ይመስል።  ኣበይ ክረክብዎ ኣሎም ኣቲ ሽጋራ መሳክን ካኣ በለት ኣደይ።

ክሊ! ጀብሃ ሽጋራ ክስኡኑ፡ ይሽረፉ ኣንድዩ ዝባሃል፡ ተጋዳላይ ይባሃለለይ ሽጋራ ኣንዳሰተካ፡ ሽጋራ ኣንዳሰተካ ከመይ ገርካ ንጸላኢ ክትጎዪ፡ ስንባኡካ ምስ ሓረረት ካኣ በለ ብነድሪ፡ ናይ ሻዕብያ ካድረታት በታ ጸገሙ ኢዮም ረክበሞ ንኣቦይ። ብከምኡ ከይ ኮነ ኢይተርፍን ንጀብሃ ክሳብ ክንድዚ ዝጸልኣ።

ኣብ ገዛና ካኣ፡ ካብ ጀብሃ፡ ህዝባዊ ዝነበራ ዝና ይብርትዕ፡ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝካኣል፡ ዝበዝሕ ግዜ ስም ናይ ኢሰያስ ኣብ ገዛና፡ ብጅግንነት ይጥቀስ ኔሩ። ኣብ ጅብሃ ምስ ንመጽእ ግን ናይ ወላሓደ ስም ሓላፊ ኢይፍለጥን፡ ባኣንጻሩ ጅብሃ ባላዕቲ ኣንቓቅሖ, ተለክይቲ ዘይቲ፡ ብሓፈሻ ክረአ ከሎ ኣሉታዊ ጎኒ ዝፍለጥ ይዓቢ። ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ፡ ንላዕሊ ኢይጽወርን ኢዩ ፡ ኣብ ዝባሃለሉ ዝነበረ ኣዋን፡ ብግብሪ ግን ገዛና ኣብ ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ሜትሮ ናይ ክልተ ዝተፋላለየ ኣባላት ውድባት ጸራ ይዕብያትና፡ ኣይኮነን ዶ ሃገረ ኤርትራ ብዓባያ።

ኣቲ ምስጥር ኣብ ገዛና ክነብር ዘክኣለና፡ ኣቦናን ኣደና ኣብ ልዕሊ ደቆም ዝነበሮም ፍቅሪ ኣዩ ከንብረና ኪኢሉ። መራሕቲ ናይ ክልታኦም ውድባት ካኣ ፍቅሪ ሃገር ኣንተዝነብሮም፡ ምገፍሓና ከማን፡ ኮይኑ ክሳብ ኣዚ ሕጅ ሓደ ኻ፡ ፍቅሪ ሃገር ዘለዎ መራሒ ኢይተረክበን። ካብ ሃገሮም ንላዕሊ ንውድቦም፡ ካብ ውድቦም ንላዕሊ ካኣ ንነብሶም ዘፍቁሩ መራሕቲ ወልዳ ኤርትራ። ሕማቅ ዕድል ኮይኑ፡ ጽብቅቲ ሃገር ከላ ሩጉማት፡ ጨካናት መራሕቲ ተወዚየማ።

ኣዚ ሕጅ ንራኦ ዘለና ቃልሲ፡ መቀጸልታ ናይቲ ንባዓል ኣኮይ ዘዳከመ ቃልሲ ኢዩ። ኣቶም ዝበዛሕና ሰባት ነቲ ቃልሲ ዘዳክም፡ ኣብ ሞንጎ ሽዕብያን ጀብሃን ኮይኑ ይስማዓና ይከውን። ንሱ ሓደ ንቡር ሽግር ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራዊ ባህሊ ደፍርካ ክትዛረበሎም ከም ነውሪ ዝውሰድ ዝነበረ፡ ሎሚ ግዜ ማዕብሉ ኣብ ኣኬባ ከም ኣጀንዳ ክታሐዙ ጀምሮም ኣለዉ፡። ንኣብነት ሃይማኖት, ብሄር, ከበሳ, መታሕት, ኣውራጃ,ጀብሃ, ሻዕብያ ወዘተ መዓልታዊ ኣብናይ ኢንተርነት ገጻት፡ ተገይጸም ንሪኦም።

ኣብ ዓለም ኣቲ ዝዓበየ መፍትሒ ሽግር ዲሞክራሲ ኢዩ። ዲሞክራሲ ነዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዝሮም ዘለዉ ኤርትራውያን ሽግራት ብቐሊል ክፈትሕ ዝክእል መስርሕ ኢዩ፡። ኣቲ ሽግር ግን ኣቶም ኣብ ቃልሲ ዘለዉ ኣካላት፡ ኣክንዲ ንሕዝቦም ጥቅሚ ናይ ድሞክራሲ ምህሮም ሽግር ሃገሮም ዝፈትሑ፡ ነቲ ናይ ቃልሲ ብጻዮም፡ ንምድካም ዘጥፍኣዎ ሃልኪ ይበዝሒ። ነዚ ናይ ኤርትራውያን ደንበ ተቃውሞ ህይወት፡ ተዛካክረኒ ሓንቲ ዕላል ኣላ።

ኣብ ሓደ ዓዲ ክልተ ዝተጻልኡ ይሕዋት ይነብሩ ነበሩ። ክልትኦም ካኣ ካብ ንሓዳሮም ዝሰርሕዎ፡ ኣብ ልዕሊ ነንሕድሕዶም ዝታናኮሉሉ ግዜ ዘጥፍኣዎ ይበዝሕ፡ ኣቲ ዝበዝሕ ግዚኦም ኣብ ተንኮል ምኣላም ስለ ዝጥፍኣዎ፡ ግራቶም ቃድሩ፡ ስለ ዘይሓረሱ ኣብ ጥሜት ወደቁ፡ ኩሎም ጎረባብቶም፡ ጽብቅ ክራማት ስለ ዝነበረ፡ ሓሪሶም ምህርቶም ሓፍሶም፡ ኣብቲ ዓዲ ጽጋብ ኮነ፡ በጀካ ኣቶም ክልተ ይሕዋት፡ ኣምላክ ካኣ ናይዞም ክልተ ይሕዋት ሽግር ክፈትሕ፡ መልኣክ ሰደደሎም፡ ኣቲ መልኣክ ካኣ ነቲ ሓደ ከምዚ በሎ።

<ካብዚ ዘለካዮ ሽግር ከናግፈካ አየ፡ ዝሓተትካኒ ሕቶ ካኣ ክህበካ አየ። ካብቲ ናዓካ ዝህበካ ግን፡ ዕጽፊ ጌረ ንሓውካ ክህቦ አየ በሎ> ስለዚ አንታይ ክህበካ ትደሊ ኣሉ ተወከሶ።

ናዓይ ዝሃብካኒ፡ ነዚ ሓወይ ዕጽፊ ክትቦ አንተኮንካ ዳኣ < ናዓይ ሓንቲ ዓይነይ ይዕውረኒ > በሎ ይባሃል፡ መታን ንሓዉ ዕጽፊ ክዕውሮ። ነዚ መድረክ አዚ ምስ ከምዚ ዓይነት ኣታሓሳስባ ዘለወን ውድባት፡ ከመይ ገርካ ክትምክቶ ይካኣል። አንበር ህግደፍ ዳኣ፡ ኣንበይ ምሃለወን። ናይ ህግደፍ ህላውነት ካኣ፡ ኣብ ድክመት ናይ ተቃውሞ ደንበ ዝተሞርከሰ ኢዩ፡ ክባሃል ከሎ ነዚ ኢዩ ዝሕብር።

አቲ ቃልሲ ከምቲ ኣኮይ፡ ዝበሎ ናዓይ ኣርክቡ'ስ ፡ ናዓይውን ኣብ ምትንታን ኣብጽሑኒ፡ ካብ ብዙሓት ተቃወምቲ ኣካላት ካኣ ፡ ኣብዚ ናይ ቃልስ መድረክ ብኩራት ናይ መንአሰያት ከም፡ ዘሎ ቀጻሊ ኣብ ቡዙሕ መድረካት ክዝረብ ሰምዔ ኣለኩ። ክሳብ ሕጅ ግን ሓደ አኻ ፡' መሰረት ናይት ጸገም ብግልጽ ዝዛረብ ኣይራኣኩን። መንአሰይ ብባህሪኣኡ ደላዪ ለውጢ ኢዩ። አዚ ዘሎ ናይ ተቃውሞ ደንበ ካኣ፡ ካብቲ ንቐዋሚ ጸላኢኡ ህግደፍ፡ ዘጥፈዎ ግዜ ንከምኦም ተቃላሳይ መንፈሱ ንምድካም፡ ዝሰርሕዎ ይበዝሕ። ከምዚ ክብል ከለኩ ካብ ኣየር ተበግሰ ዘይኮንኩ፡ ዝተዓዘብክዎ ስለ ዘሎ ኢየ።

ሓንቲ ምስላ ኣላ ብትግርና፡ ንአሽተይ ውራይ ግበር፡ ፈታውካን ጸላአካን ክትፈልጥ ዝብል ምስላ ኣሎ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ብዝዕባ ዋዕላ ዝተዘርበ፡ ዝተጻሕፈ ተዓዚበ፡ ንተቃወምቲ ዓቢ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ግን ንአሽተይ ውራይ ኢያ ኔራ። ኣብዛ ንአሽተይ ውራይ ካኣ ብዝሒ ተዓዚበ፡ ነቲ ከም ሽንፍላ ገንጽልካ ዘይውዳኣ ልቢ ፡ መርሕነት ናይ ተቃውሞ ካኣ ንከነንብቦ ዕድል ረክብና። አቲ ዝነበረ ምውጣጥ ነቲ ብሃገሩ ዝግደስ ምስጥር ኣይነበረን። ንምንታይ ክልተ ሓደ ዓይነት ጸላኢ ዘለዎም ተቃለስቲ፡ ኣብቲ ዕላማ ናይቲ ዋዕላ ዘይኮነ፡ ኣብ ናይ ግዜ ዋዕላ ክራዳድኡ ኣይካኣሉን። ምአንቲ ህዝቢ ኢና ንቃለስ ፡ አንዳበሉ ንምንታይ ሓድኦም ምአንቲ ሕዝቢ ክብሉ፡ ኣብ ሓደ ጽላልን፡ ኣብ ሓደ ማዓልትን ክገብርዎ ዘይሃቀኑ፡ ካብዚ ክርዳኣና ዝክአል ነገር አንተዳ ኣሎ፡ ካብ ህዝቦም ንላዕሊ፡ ብውድቦም ዝጭነቁ ምካኖም ኢዩ።

አቲ ቃልሲ ክምቲ ኣኮይ ዝቦሎ ኣራክቡለይ፡ ክምቲ ኣኮይ ዘሕሎፎ ተማሳሳሊ ህይወትውን ይሕልፈ። ምስ ወያነ ዝተገብረ ኲናት ሕርሕራይ ገሩ ኣራክቡለይ፡ ልክዕ ከምቲ ኣኮይ ዘሕሎፎ ህይወት ኣስተማቅረ፡ ጽቡቅን ሕማቅን፡ ዋላውን አቲ ናይ ኣኮይ ኣሉታዊ ጎኑ ዝነበረ፡ ዝምውጽ ኣይገደፍኩ፡ ዝውተፍ ኢይገደፍኩ ኩሉ ኣማሊአዮ። ካብቲ ኣኮይ ዝሕለፎ ህይወት ግን ብሓንቲ ጉዳይ ንፋላለ። ኣኮይ አቲ ቃልሲ ከም ዘይ ዕወት ኣንዳፈለጠ፡ ገለዶ ኣብ መንገዲ ይዕረ ይከውን ካብ ዝብል፡ ኣታሓሳስባ ዝተበገሰ ክሳብ መስዋአቲ፡ ነቲ ቃልሲ ቀጽልዎ።

ኣቦይውን ከምቲ ዝበሎ ነታ ነጻነት ኣየርከበላን፡ በቲ ሓደ ወገን ሕጂ ክሓስቦ ከለኩ፡ አንቓዕ ነዛ ንፈልጣ ነጻነት ኣየርከበላ፡ አንታይ ዝረኤ ኣለዋ፡ጋሂ አንተዘይኮይኑ። ወረ ኣቦይ'ስ ብሕርቃን ነታ ብልቢ ዝጸልኣ ሽጋራ ምጀመራ።

ብሙሉኦም ኣኮታተይ ይኩኑ ሓወቦታተይ ነቲ ዝተበገሱሉ ዕላማ ብኣካል ኣየርከቡሉን፡ አዚ ሕጅ ዘሎ ህሉው ኩነታት ቃልሲ ክሪአ ከለኩ፡ ኣብ ህይወተይ ኣስተባህለሉ ዘይፈልጥ፡ ዝተሰውአሉ ቦታን፡ ግዜን ዝተቃራረበ ብምካኑ ፡ ሕልናይ ንሓደ ክምልሶ ዝይክአል ሕቶ ንሰላመይ ግዘርጎ ጀመረ፡ አቲ ዝተሰዊኡሉ ኣብ ግዜ ኲናት ሕድሕድ ብምንባሩ፡ መን ቀታሊ መንከ ተቃታሊ ኔሩ ይከውን? ንዝብል መልሲ ክሰምዕ ድሌት አኻ አንተዘይብለይ፡ ኣብ ሕልናይ ግን ሰላም ኣይረከበን። ነዚ ሕጅ ንሪአ ዘለና ኲናት ሕድሕድ ናይ ቃላት ግን፡ ኣንቓዓ ደጀና ኣብ ከተማታት ኮነ ዘየብል ኣይኮነን።

ኣነ ነቲ ዝነበር ምውሓስ ሉዕላዉነት፡ ብምሉኡ ልቢ ኣምነሉ፡ ነታ ሓንቲ ህይወተይ ከበጁ ቁሩብ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ አቲ ቃልሲ ናይ ውልቀ ሰባት ስልጣን ምሕላው ዳኣንበር፡ ሃገራዊ ድሕነት ከም ዘይ ኮነ ስለ ዛኣመንኩ፡ ካብቲ ባርነት ኣምልጠ፡ ኣብ ሓርነት ዘለውዎ ቦታ ተዓቅበ ኣለኩ። አቲ ናይ ምቅላስ መንፈሰይ ገና፡ ኢይጠፍአን፡ አቲ ጠፋኡኒ ዘሎ ምስ መን ኮይነ ከም ዝቃለስ ጥራሕ አዩ።

ሰሰናዩ ናዓኩም
ዓወት ፍስሃየ